# Asylum Support Partnership help and advice

refugee action · North of England Refugee Service · Refugee Council · scottish refugee council · Welsh Refugee Council Cyngor Ffoaduriaid Cymru

October 2010 Tigrignia

# ሓገዝ ሴክሽን 4 (Section 4) ናይ 'Azure' ካርድ ክፍሊት

ናይ ሴክሽን 4 ሓገዝ እንተደኣ ተፈቒድልኩም፡ መንበሪ ኣባይት ከምእውን ናይ £35 ዋጋ ዘለዎ ሰሙናዊ ሓገዝን ክትወሃቡ ብቑዓት ኢኹም። እቲ ሰሙናዊ ናይ ገንዘብ ሓገዝኩም ድማ ብመንገዲ ኣውቶማቲክ ዝሰርሕ ናይ ካርድ ክፍሊት ይወሃበኩም፤ እዚ ካርድ'ዚ ድማ ናይ 'Azure' ክፍሊት ካርድ ተባሂሉ ይጽዋዕ።

Sodexho ዝተባህለ ማሕበር ንናይ ዓዲ እንግሊዝ ናይ ዶብ ኤጀንሲ (UK Border Agency - UKBA) ብምውካል ነዚ ናይ ኣከፋፍላ መንገዲ የካይድ። ኣብተን ነዚ ካርድ'ዚ ዝቕበላ ድኳናት ብምኻድ ድማ በዚ ካርድ'ዚ መግቢ፣ ናይ ሽንት ቤት መሳለጥያታት፣ ክዳውንቲ፣ ናይ ጽሬት ኣቑሑ ወይድማ ካልእ ነገራት ክትገዝኡ ትኽእሉ። በዚ ናይ 'Azure' ካርድ ተጠቒምካ ናይ ሂያብ ካርድ፣ ነዳዲ ወይ ናፍታ ምግዛእ ኣይከኣልን እዩ።

## እዚ ካርድ ብኸመይ መንገዲ ትረኽብዎ?

እዚ ፍሉይ ናይ ክፍሊት ካርድ ድሕሪ ናብ ካልእ ቦታ ምስዳድኩም፡ በቲ መንበሪ ኣባይቲ ዘቕርበልኩም ኣካል ይወሃበኩም። ካርድኹም ሽዑ ንሽዑ እንተደኣ ዘይተወሃበኩም፡ ኣብ ድኳናት ነገራት ንምግዛእ እትጥቀምሉ ካልእ ቫውቸር ክወሃበኩም ይግባእ።

## ብኸመይ ክትጥቀመሉ ትኽእል?

እቲ ኣብ ካርድኹም ዝምላእ ሒሳብ ኩሉ ግዜ ፍርቂ ለይቲ ሰንበት በቲ ዝወሃበኩም ሰሙናዊ ናይ ደገፍ ኣበል መጠን ይምላእ። ድሕሪኡ ነዚ ካርድ ሒዝኩም ናብ ዝተወሰኑ ድኳናት ብምኻድ መግቢ፣ ናይ ሽንት ቤት መሳለጥያ፣ ወይድማ ክዳውንቲ በቲ ሰሙናዊ ዝወሃበኩም ዋጋ መጠን ክትገዝኡ ትኽእሉ። ኩሉ እቲ ዝወሃበኩም አበል ገንዘብ ብሓንሳብ ኣብ ሓደ ዱኳን ከተጥፍእዎ ኣይትግደዱን ኢኹም።

እቲ በዓል ድኳን ነቲ ካርድኹም በቲ ካርድ ዘንብብ ማሽን ምስ ኣሕለፎ ዋጋ ናይቲ ዝገዛእክሞ ነገራት ካብ ካርድኹም ተቖሪጹ ብቐጥታ ናብቲ ድኳን ይመሓላለፍ።

## ብኽብረትኩም ኣስተውዕሉ፥

- **ዓቕመ ኣዳም ዝበጻሕኩም እሞ ንበይንኹም እትቕመጡ ምስትኾኑ፡ ኣብቲ ናይ ክፍሊት ካርድ ብዙሕ ገንዘብ ከተቐምጡ ኣይትኽእሉን ኢኹም። ካብቲ ሰሙናዊ ኣበል ዘይተጠቀምክምሉ ዝተረፈ ገንዘብ እንተደኣ ኣሎ ኰይኑ፡ ናብቲ ዝመጽእ ሰሙን ዘይተጠቀምክምሉ ክሳብ £5 ዝኸውን ገንዘብ ጥራይ እዩ ዝመሓላለፍ። ዝኾነ ዝተረፈ ገንዘብ ተመላሲ ይኸውን።**
- ካብቲ ኣብቲ ካርድ ዘሎ ገንዘብ ንላዕሊ ዝዋግኦም ነገራት ክትገዝኡ ኣይትኽእሉን ኢኹም። ከምዚ ክትገብሩ እንተደኣ ፈቲንኩም፡ እቶም ሰብ ድኳናት ነቲ ክትገዝእዎ ዝፈተንኩም ኣቕሓ ክትወስዱ ኣየፍቅድልኩምን እዮም። እዚ ከይከውን ምእንቲ ብኽብረትኩም ነቲ ካርድ ናብቲ ካርድ ዘንብብ ማሽን ቅድሚ ምእታውኩም፡ ነቲ ኣብ ካርድኹም ዝተረፈ መጠን ገንዘብ ካብቲ ዋጋ ናይቲ ክትዕድግዎ ዝደለኹም ኣቕሓ ዝበዝሕ ወይድማ ምስቲ ዋጋ ዝመጣጠን ምኻኑ ኣረጋግጹ።
- ኣብ ድኳናት ዝርከቡ ብዘይ ካሺየር ሓገዝ ባዕልኻ እትኽፍለሎም መውጽኢ ኣይትጠቀሙ ምክንያቱ ድማ ገለገለ ካብኦም ናይ Azure ካርድ ዘይቅበሉ ኣለዉ።
- ኣብ ድኳናት ናይ ጥረ ገንዘብ ማልስ ('cash back') ንኽወሃበኩም ክትሓቱ ኣይትኽእሉን ኢኹም።
- **ነቲ ካርድ ኣብ ባንኪ ወይድማ ናይ ጥረገንዘብ መውጽኢ ማሽን ክትጥቀመሉ ኣይትኽእልን ኢኻ። ነቲ ካርድ ኣብ ናይ ጥረ ገንዘብ መውጽኢ ማሽን ክትጥቀመሉ ምስ እትፍትን ምስራሕ ስለዝኣቢ ቤት ጽህፈት UKBA ከየዓረዮ ኣብ ድኳናት ክትጥቀመሉ ኣይትኽእልን ኢኻ።**

ካልኦት ሓጸርቲ ጽሑፋት ኣብ http://languages.refugeecouncil.org.uk ክርከቡ ይኽእሉ እዮም።

Asylum Support Partnership is a partnership project hosted by the British Refugee Council
British Refugee Council, (commonly called the Refugee Council) is a company limited by guarantee registered in England and Wales, [No 2727514] and a registered charity, [No 1014576].
Registered office: 240-250 Ferndale Road, London SW9 8BB, United Kingdom, VAT no: 936 519 988

OISC No: N200100132 · Community Legal Service

### ኣብ ካርደይ ዘሎ መጠን ገንዘብ ክንደይ ምዃኑ ብኸመይ እፈልጥ?

ክንደይ ገንዘብ ተሪፍኩም ከምዘሎ ንምፍላጥ ናብዚ ዝስዕብ ክትድውሉ ትኽእሉ ኢኹም፥

**Azure ናይ ካርድ መጠን ገንዘብ መሕተቲ መስመር (Card Balance Enquiry Line)** ስልኪ ቁጽሪ **0800 028 5364**

- ናብዚ ካብ ናይ ነዛ መስመር ምድዋል ናጻ ክኸውን እንከሎ ካብ ሞባይል ግን ናጻ ኣይኮነን።
- ናይ Azure ናይ ክፍሊት ካርድኹም ቁጽሪ ከተእትውዎ የድልየኩም እዩ።
- እቲ ዝወሃብ መምርሒታት ብምልኡ ብእንግሊዘኛ ቋንቋ ክኸውን እንከሎ ናይ ምስትርጓም ኣገልግሎት ድማ የለን፤ ነቲ መምርሒታት እንተደኣ ዘይተረዳእክሞ ብኽብረትኩም ዝሕግዘኩም ሰብ ድለዩ።

### ነዚ ካርድ ኣበየኖት ድኳናት ክጥቀመሉ እኽእል?

ነዚ ካርድ ኣብዞም ዝስዕቡ ድኳናት ክትጥቀመሎም ትኽእል፥ Tesco, Asda, Sainsbury's, Morrison, The Co-Operative Peacocks ከምእውን Boots።

ብዛዕባ ብሃገራዊ ከምእውን ብዞባዊ ደረጃ ነዚ ካርድ ዝቕበሉ ድኳናት ኣየቶን ከምዝኾኑ እዋናዊ ሓበሬታ ንምርካብ ነቲ መንበሪ ኣባይቲ ዘቕርበልኩም ኣካል ክትሓቱ ይግባእ።

### ሽግር እንተደኣ ኣጋጢሙ ንመን ክውከስ ይግበኣኒ?

- **ካርድኹም እንተደኣ ምስራሕ ኣብዩ። ብናይ ካርድ ሽግራት ዝግደስ ናይ መስመር ሓበሬታ ተዳልዩ ኣሎ፥ Sodexho ናይ ሓተቲ ዑቕባ ናይ ዓማዊል መስመር ሓበሬታ (Asylum Seekers Customer Helpline) ስ.ቁ፥ 01276 687 098 (ካብ 9 ቅ.ቀ - 5 ድ.ቀ)**

- **ብዛዕባ ሰሙናዊ ናይ ድጋፍኩም መጠን ወይድማ ተወሳኺ ክፍሊት ብዝምልከት ሽግር እንተደኣ ኣጋጢሙ፥ ንናይ** UKBA ዞባዊ ጉጅለ ወይድማ ናይ ሴክሽን 4 ጉጅለ ተወከሱ።

- **ካርድኹም እንተደኣ ጠፊኡ ወይድማ ተሰሪቑ።** እዚ ነቲ መንበሪ ኣባይቲ ዘቕርበልኩም ኣካል ክትሕብሩ ይግባእ፤ ንሱ ድማ ምሕሪ ክህበኩም ህጹጽ ዝኾነ ሓገዝ ክገብረልኩምን ይግባእ።

- **ኣብቲ ድኳን ውሽጢ ሽግር እንተደኣ ኣጋጢሙኩም፥**
  ኩሎም እዞም ኣብ ላዕሊ ተጠቒሶም ዘለዉ ድኳናት ከምእውን ካልእ UKBA ወይ እቲ መንበሪ ኣባይቲ ዘቕርበልኩም ኣካል ዝሓበርኹም ካልእ ሓደስቲ ድኳናት ብምልኦም ነቲ ካርድ ክቕበሉ ይግበኦም።
  ሰራሕተኛታት ድኳናት ድማ ብዛዕባ እዚ ካርድ ሓበሬታ ክወሃቦም ይግባእ፤ ነዚ ካርድ ንምጥቃም ድማ ክታም፣ ናይ ግሊኹም ናይ መፍትሕ ቁጽሪ (PIN)፣ ወይድማ ካልእ ናይ መንነት ወረቐት ኣይሓትትን እዩ። ዝኾነ ሰራሕተኛ ካርድኹም እንተደኣ ዘይተቐበሎ፥ ነዚ ንምርግጋጽ ምስ ሓላፊኦም ክትዘራረቡ ከምእትደልዩ ሕተትዎም፤ ወይድማ ነቲ ማናጀር ነዚ ንምርግጋጽ Sodexho ናይ ዓሚል ኣገልግሎት ክውከስ ሕተትዎ። እቲ ካርድኹም ኣብዚ ካርድ ዘንብብ ማሽን እንተደኣ ኣትዩ ኩይኑ እሞ እቲ በዓል ድኳን ነቲ ኣቑሑ ክትወስዱ እንተደኣ ኣብዩኩም፥ እቲ ናይ ምዕዳግ መስርሕ ከምዝተቛረጸ ዘረጋግጽ ናይ ቅብሊት ወረቐት ክህበኩም ሕተቱ።
  ክንደይ ገንዘብ ከምዘሎኩም ኣረጋግጹ፥ እቲ ገንዘብ ካብ ካርድኹም ተወሲዱ ይኸውን እዩ።
  እቲ ገንዘብ እንተደኣ ካብ ካርድኹም ተወሲዱ እሞ ነቲ ኣቕሓ ክትወስዱ እንተደኣ ዘይተፈቐደልኩም፥ እቲ ገንዘብ ኣብ ውሽጢ 48 ሰዓታት ብቐጥታ ናብቲ ካርድኹም ከምዝምለስ ክግበር ይግባእ።
  እቲ ገንዘብ ካብዚ ብዝቕልጠፈ ግዜ ናብ ካርድኹም ክምለሰልኩም እንተደኣ ደሊኹም ወይድማ ድሕሪ 48 ሰዓታት እቲ ገንዘብ እንተደኣ ናብ ካርድኹም ዘይተመልሰ ነቲ ኣብ ከባቢኹም ዝርከብ ናይ ስደተኛታት ማሕበር ተወከሱዎ።

**ንዝያዳ ሓበሬታ ወይድማ ሓገዝ ንምርካብ ነቲ ኣብ ከባቢኻ ዝርከብ ናይ ስደተኛታት ማሕበር ክትውከስዎ ትኽእሉ ኢኹም።**



North of England Refugee Service, charity number: 1091200 www.refugee.org.uk
Refugee Action, charity number: 283660 www.refugee-action.org.uk
Refugee Council, charity number: 1014576 www.refugeecouncil.org.uk
Scottish Refugee Council, charity number: SC008639 www.scottishrefugeecouncil.org.uk
Welsh Refugee Council, charity number: 1102449 www.welshrefugeecouncil.org